## 17 ጉንቦት ሃገራዊ መዓልቲ ኖርዌይ፣ ዕለተ ልደት ኖርዌይ ኢዩ።



<u>ስለምንታይ ኢና 17 ጉንቦት ነብዕሎ?</u>

ኣብ 400 ክፍለ ዘመን ኖርዌይ ኣካል ናይ ደንማርክ ኢያ ኔራ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ናይ ደንማርክ ንጉስ ኢዩ ኣብ ልዕሊ ኖርዌይ ድውስን ኔሩ፣ ብናይ ደንማርክ ሕጊ ከኣ ትመሓደር ኔራ። ኣብ 1814 ኣብ ኤውሮጳ ብዙሕ ነገራት ኢዩ ኣጋጢሙ። ስለዚ እዩ ከኣ ኖርዌይ ብ 17 ጉንቦት 1814 ናይ ገዛእ ርእሳ ቅዋም ክትጽሕፍ (ክትነድፍ) ድኸኣለት። ኖርዌይ ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእሳ ክትውስን ኔርዋ።

እቲ ቅዋም ኣብ ቤተመንግስቲ ህንጻ ኤይድስቮል ኢዩ ተጻሒፉ። 112 ዝኣኽሉ ሃብታማት ሰብኡት ኢዮም ኣብ ኤይድስቮል ተኣኪቦም፣ ንሳቶም ንጉስ ኖርዌይ መን ከምድኸውን መሪጾም። ደንማርካዊ ልኡል ክርስትያን ፍረደሪክ ከኣ ንጉስ ኖርዌይ ኮነ።

ስለዚ ድሕሪ 1814 ዓመተ ምህረት 17 ጉንቦት ሃገራዊ መዓልቲ ኮይና። ውግዓዊ መዓልቲ ባንዴራን ህዝባዊ በዓልን ድማ ኢዩ። ተማሃሮ ካብ ትምህርቲ ነጻ ኢዮም ከምኡውን ብዙሓት ካለኦት ካብ ስራሕ ነጻ ኢዮም።





ስእሊ። ብየመን ደሎ ስእሊ ቤተመንግስቲ ህንጻ ኤይድስቮል ብ 17 ጉንቦት 1814 እቶም 112 ሰብኡት ድትራኸብሉ የርኢ ብጸጋም ደሎ ከኣ እቲ ህንጻ ኤይድስቮል ።

## ናይ ፌስታ ክዳውንቲ





Bilde: tv:Knud Knudsen [CC BY 2.0 (https://creativecommons.org/licenses/by/2.0)], th: Wikipedia, cc commons

ኣብ ግዜ ሃገራዊ መዓልቲ በቲ ድበለጸ ክዳውንቲ ወቂብካ ምውዓል ልሙድ ኢዩ። ብዙሓት’ውን ቡናድ ወይ ካልእ ሃገራዊ ልብሲታት  ይጥቀሙ። ቡናድ ናይ ምኽዳን ባህሊ ቁሩብ ቅድሚ ልዕሊ 100 ዓመት ኣቢሉ ጀሚሩ። ኖርዌይ ነብሳ ድኽኣለት ሃገር ሙኳና ንምሕባርን ንምጽምባልን ኣብ 1905 ዓበይቲ ንደቆም ቡናድ ክኽድንዎም ጀሚሮም። እዞም ቡናዳት እዚኦም ካብ ኣብ 1800 ክፍለዘመን ድነበሩ ሓረስቶት ኖርዌይ ድጥቀምሉ ድነበሩ ጥንታዊ ኣለባብሳ ጽልዋ ድገበረ ኢዩ።

## ባቡር (ሰልፊ) 17 ጉንቦት



ኣብ 17 ጉንቦት ብዙሓት ናይ ቆልዑ ሰልፍታት ኣለዉ። ተማሃሮ ባንዴራ እንዳምበልበሉን መዝሙራት እናዘመሩን ኣብ ሰልፊ ይኸዱ። ኣብ ብዙሓት ቦታታት ማርሺንግ ባንድ ኣብ ሰልፊ ይጻወቱ። ተማሃሮ ንልዕሊ 140 ዓመት ድኣክል “ እወ ነዛ ሃገር እዚኣ ነፍቅራ ኢና ” ድብል ሃገራዊ መዝሙር ዘሚሮም ኣለዉ። ትሕዝቶ ናይዚ መዝሙር ኣብ 1859 ብ

ብዮርንስትየርነ ብዮርንሰን ኢዩ ተጻሒፉ። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ጸኒሑ ከኣ መቕርቡ ሪካርድ ኖርድራክ ሜሎዲ ጽሒፉሉ። ኣብ 17 ጉንቦት መደረታትን መደባት ምዝንጋዕን'ውን ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ መናፈሻታትን ማእከል ከተማን ይካየድ ኢዩ። 17 ጉንቦት መዓልቲ ህጻናት'ውን ይበሃል ኢዩ። ቆልዑ ብዙሕ ብሉጽ ጀላቶ፣ ፖልሰን ልስሉስ መስተን ክበልዑ ይግበኦም።

## ፌስታ ሩስ



ሩስ ምብዓል ማለት ማእከላይ ደረጃ ትምርቲ ወዲኦም ማለት ኢዩ። ገለ ካብኣቶም ን 13 ዓመታት ደኣክል ኣብ ትምህርቲ ጸኒሖም ኢዮም ስለዚ ብሓቂ በዓል ይግባኣና ኢዩ ኢሎም ይኣምኑ። እቲ ሩስ ደብዕል ሰብ ናይ ሩስ ክዳን ይኸደን። ኣብቲ ክዳን መብዛሕትኡ ግዜ ነንሓድሕዶም ሰላምታ ብቻርኮል ይጽሕፉ። እቲ ሩስ ደብዕል ኣብ ጉንቦት ብዙሕ ፌስታታት ኣለዎ። ብዙሓት ናይ ገዛእ ርእሶም ስእሊ ኣለዎም ወይ ከኣ ልዑል ድምጺ ሙዚቃ ወሊዖም እንዳዘወሩ ፍቐድኡ ድኾሉለን ኣውቶቡሳት። ብዙሓት ከኣ ኣብ 17 ጉንቦት ንመምህራኖም ኣንጊሆም ካብ ድቃሶም ብምብርባር ይዳኣሉ። እብ ብዙሕ ቦታታት እቶም ሩስ ደብዕሉ መስሓቕ ጽሑፋትን ሳዕስዒትን እናገበሩ ኣብ ናይ በይኖም ሰልፊ ይጎዓዙ።

## ስድራቤት ንጉስ

ናይ ኖርዌይ ንጉስ ንጉስ ሃራልድ ይበሃል፣ ኣብ ነብሲ ወከፍ 17 ጉንቦት ከኣ ብሓባር ምስ ስድራቤቱ ኣብ በረንዳ ናይቲ ቤተንጉስ ደው ይብል። እዛ መዓልቲ በዓል እዚኣ ንስድራቤት ንጉስ ሓንቲ ካብተን ኣህለኽቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ኢያ። እዞም ስድራቤት ንጉስ ንሰልፊ

ህጻናት ንብዙሕ ሰዓታት ኢዶም ንሰላምታ የወዛውዙ፣ ስለዚ ኣማሲኡ የእዳዎም ክርብርቡን ቁሩብ ድኻም ክስመዖምን ፍሉይ ነገር ኣይኮነን። ስድራቤት ንጉስ ኣብ 17 ጉንቦት ንልዕሊ 100 ዓመት ኣብ በረንዳ ቤተንጉስ ደው ኢሎም ኣለዉ።



## ነዞም ሕቶታት እዚኣቶም ክትምልሶም ትኽእል ዶ?

ዕለት ሃገራዊ መዓልቲ ኖርዌይ:

ትሕዝቶ ሃገራዊ መዝሙር ኖርዌይ ድጸሓፈ፣

ቅዋም ኖርዌይ ድተፈረመሉ ቦታ:

ኖርዌይ ናይ ገዛእ ርእሳ ቅዋም ደጽደቐትሉ ዓመተ ምህረት:

ሜሎዲ ሃገራዊ መዝሙር ኖርዌይ ድጸሓፈ:

እቶም ኣብ በረንዳ ቤተንጉስ ኮይኖም የእዳዎም ንሰላምታ ደወዛውዙ:

ስም ሃገራዊ መዝሙር ኖርዌይ:

እቶም ኣብ ድሓጸረ እዋን ናብ ትምርቲ ምኻድ ከምድወድኡ ደብዕሉ መንእሰያት እንታይ ከም ድቦሃሉ፣

ኣብ 17 ጉንቦት ከም ልሙድ ኣነ ድበልዖ፣

